# ኢጣልያዊ መግዛእቲ ኣብ ኤርትራ

## 1882-1941




## መእተዊ

<u>ብዘምህረት ዮውሃንስ</u>

ዛጊት ናይ ህዝቢ ኤርትራ ታሪኽ፡ ከምካላኣት መዓያት ናይ ህይወቱ ንዕቱብ ምርምር ይብድህ ኣሎ። እዚ ብድሆ`ዚ ከኣ ጌና ዝዳረጎ ሜልሲ ስለዘይረኸበ፡ ምስ ምሕላፍ ግዜ እናዓበየን እናረዘነን ኣ ብርእሲ ምኻዱ፡ ንሃገር ናይ ምህናጽ ቃልስና ብሃፈሻ ዝምልከት ሕቶ`ውን ስለዝኾነ፡ ዘይምምላሱ ዝገድፎ ሃጓፍ ኣብ ጉዕዞ`ቲ ቃልሲ ዕንቅፋት ምኺኑ ኣየጠራጥርን። ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ኣብዚ ዝሓለፈ ዘመን ብበበይኖም ወጻእተኛታት ሞያተኛታት ተመራመርቲን ካልኦትን ማጠነኛ ምርምር ተጌርሉን ተጻሒፉሉን`ኳእንተኾነ፡ ንዓና ኤርትራውያን ብዘርኢግን ጌና ድንግል ዓወዲ ከምዝሎዘ ይስሓት እዩ።

እቲ ብወጻእተኛታት ዝተገብረ ምርምራት መብዛሕትኡ ብግዛእታዊ ረብሓን ዓሌታዊ ኣተሓሳስባን - ግሉጽ ይኹን ሕቡእ - ዝዘንብዐ እዩ። እቲ ዝውሓደን ዝሓሸ ስነ -ፍልጠታዊ ክብሪ ዘለዎን ናይ ወጻእተኛታት ስራሓት ከኣ፡ ናይ ብግዳም

ተዓዘብቲ ስራህ ስለዝኾነ፡ እዚ ዝፈጥረሉ ድሩትነት ኣለዎ። ብማዕረቱ ግን፡ ናይ ታሪኽ ሕቶ ብጸቢብ ኣካዳሚያዊ ትርጉሙ ከምን ታሪኽ ዝምልከቱ ምርምራትን ጽሑፋትን ምብርካት ጥራህ ዝወሰድ ዘይኮነ ስ። ምስ ሃገር ናይ ምህናጽ ቃልስና ብቐጥታን ብግብሪን ስለዝተኣሳሰር ንታሪኽና ምምርማርን ምጽሓፍን ብለቓሕ ክንሓልፎ ኣይንኽእልን። ናይዚ ብድሆ ወድዓውነት ከኣ ኣብዚ ዝተመርኮሰ እዩ።

እዚ ቃላት ናይ ሃደ ካብቶምናይ ዘመኑ ዞኣበዩ ኤውሮጳወያን ፈላስፋታት እዩ። እቲ ኣብቲ ወቕቲ`ቲ ኣብ ኤወሮጳ ከም ``ቅቡልን ቅኑዕን`` ዝውሰድ ዝነበረ ኣተሓሳስባ ከመይ ከም ዝነበረ ከኣ ብቐሊሉ የረድእ። እቲ ኣብ ትሕቲ ከምዚ ዝኣመሰለ ``ቅቡል`` ኣተሓሳስባ ዝጽሕፍ ``ታሪኽ`` ግዙኣት ህዝብታት እንታይ ከም ዝኸውን ንምግማት ኣየሸግርን። ንኹሉ ብሞራባወያን ዝተገብረ መጽናዕታትን ዝፈረየ ስራሓትን ብማኣረ ምኽናንን፡ ንኹሉ ከምመርኣያ ናይዚ ኣተሓሳስባ`ዚ ጌርካ ምውሳዱን ኣይከኣልን።

ይኹን`ምበር ኣብ ኤውሮጳዊ ስእለ-ታሪኽ ናይ ኣፍሪቃ ሓደ-ሓደ ገስገስቲ ባእታታት ምንባሩ ንናይዚ ዓብላሊ ዝነበረ ኣተሓሳስባ`ዚ ሓይልን ጽልዋኡን ዝልወጣ ኣይኮነን። ከምመሪጋገጺ ብርታዔኡ ድማ፡ እዚ ኣተሓሳስባ`ዚ ክሳብ ሕጂ`ውን ስለዘይበተኸን ኣሰሩ ስለዘይተደምሰሰን፡ ብግልጺ`ኳ ኣይኹን`ምበር ኣብ ብዙሃት ስራሓት ሕቡኣት መርኣያታቱስ`ስ ኣይጠፍኡን። ስለዚ ንታሪኽ ካብቲ መግዛእታዊን ኣኣሌታውን ምዝንባዕ ሓራ ብምውጻእን ናብ ዋናታት ብምምላስን ዳግምናይ ምጽሓፍ ሕቶ፡ ኣብቲ ሓርነታዊ መስርሕ ከም ወድዓዊ ኣድላይነት

ይመጽእ።

ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ`ወያን ብተመሳሳሊ፡ ካብ ከምዚ ዝኣመሰለ ምዝንባዕን

ምምርሳሓን ኣየምለጠን። ገለ ኤወሮጳወያን ተመራመርቲ ኣወራ ድማ ኢጣልያወያን ብዛዕባ ታሪኽ ኤርትራ ጽሒፎም። ብጀምላ ንኹሉ ብምንጻግ ከምዝይረብሕ ምርኣዩ ቅኑዕ`ኳእንተዘይኮነ፣ በንጻሩ ኹኣ ነቲ ዝሓሸ ስራሓት`ውን ከምእንታ ዘይብሉ፡ ካብዚ ሓሊፉ ድማከምናይ መወዳእታ ቃል

ምውሳዱእይግባእን። እቲ ዝሓሸ ስራሓት ብተዛማድነት ምኳኑን ናይ ባዕሉ ጉድለታት ከምዘለዎን እውን ክፍለጥ ኣለዎ።

ብኻልእ መዳይ፡ ንታሪኽ ኤርትራ ብዘርኢ ሓደ ኣገዳሲ ፍሉይነት ኣሎ። ኣብ ብዙሓት ኤውሮጳወያን ከምኡ`ውን ካልኦት (ኢትዮጵያወያን) ናይ ታሪኽ

ተማራመርቲ፡ ንናይዚ ካባቢ`ዚ (ናይ ሎሚኤርትራ፡ ኢትዩጵያ፡ ሶማልያን ከባቢታቱን) ታሪኽ ብዓይኒ ``ኢትዮጵያዊ ንግስነታት`` ናይ ምጥማቱ ግኑን ዝንባለ ኣሎ። እዞም ናይ ታሪኽ ተማራመርቲ`ዚኣቶም፡ ንቅድሙመግዛእታዊ ታሪኽ ናይዚ ከባቢ`ዚ ህዝብታት፡ ብናይ ``ኢትዮጵያዊ ንግስነታት ናይ ዝናን ዕብየትን`` ታሪኽ ይትካኡዎ። በዚ ከኣ ብፍላጥ ይኹን ብዘይፍላጥ ነቲ ``ናይ 3 ሽሕ ዓመታት ጽወጽዋይ`` ይተሓባበሩዎ። እዚ ኣጠማምታ`ዚ ትንግርታዊን ታሪኽ-መሰልን (Pseudo-historical) ምዃኑ`ኳ ግሉጽ እንተኾነ፡ ከምኣረኣእያ ግዜ ዝወሰደን ስሩጽን ስለዝኾነ፡ ዕንቅፋት ይፈጥር።

ኣብዚ ብዛዕባ`ቲ ``ናይ 3 ሽሕ ዓመታት ታሪኽ`` ሐደት ናይ ታዕሊቕ ቃላት ምም ንዳውግቡእ ይመስለና። ብቐድማነት እብዚ ከባቢ`ዚ፡ ቅድሚምምጻእ ኤውሮጳዊ መግዛእቲ ይትረፍ ንኣሽሓት ዓመታት፡ ንዘመናት`ውን ንድሕሪት ተመሊስካ፡ ብዛዕባ ርእሱ ዝኸኣለ ቀጻልነት ዝነበሮ ፓለቲካዊ ስርዓት ምምዳት መሰረት የብሉን። ልክዕ`ዩ፡ ናይዚ ከባቢ`ዚ ህዝብታት ቅድሚኤወሮጳወያን ታሪኽ ኣይነበሮምን ማለት ኣይኮነን። ሃገራት ግን፡ ከምፓለቲካዊን ጅግራፊያንዊን ንጹርነት ዘለዎ ኣሃዱታት ወጽኢት ኤውሮጳዊ ምትእትታውኤን ንምባል እዩ።

እቲ ኤርትራዊ ታሪኽ ዳግምናይ ምጽሓፍ ዕማምእምበኣር፡ ነዞም ክብኣሊሎም ብሓርፋፍ ተጫልኪቶምዘለው ምዝንባዓት ከወግድ ይሓትት። ነዚ ኣብ ልዕሊ ቀሪቡ ዘሎ ሓተታ ከምሓፈሻዊ መበገሲ ብምውሳድ፡ ናብ ቀንዲ ነጥብና ንመጽእ። ብቐዳምነት እዚ ኣፈናዊ መጽናዕቲ `ዚ መባእታዊ ኣስከሬን ደኣ`ምበር ብምንም ዓይነት ከም``ሃገራዊ ታሪኽና ዳግምናይ ምጽሓፍ`` ሓደ ፈተነ ክወሰድ ከምዘይ ክእል ብኣጋኡ ምንጻር የድሊ። እዚ ኣፈናዊ መጽናዕቲ`ዚ ብዛኣባ ሓደ መድረኽ ናይ ታሪኽ ኤርትራ - መድረኽ መግዛእቲ ኢጣልያ - መእተዊ ከቕርብ ዝዓለመእዩ።

እቲ ኣብ እዋን መግዛእቲ ኢጣልያ ከምሓደ ህዝቢ ክቐወም ዝጀመረ ህዝቢ ኤርትራ፡ ታሪኹምስ ምምጻእ ኢጣልያወያን ዝጀመረ እኳ ኣይኹን`ምበር፡ ኣብ መንጎ ቅድሙመግዛእታዊን መግዛእታዊን መድረኻት ታሪኹዓይነታዊ ፍልልይ

ኣሎ። ብጥንቁቕ ኣዘራርባ፡ ናይዚ ህዝቢ`ዚ ቅድሙመግዛእታዊ ታሪኽ ከይተሳሕተን ከይተጎሰየን፡ ኤርትራ ከምፓለቲካዊ ኣሃዱ ብመግዛእቲ ዝተፈጥረት ኣካል ብምዃና ፡ ታሪኻ ካብኡ ከምዝጅምር ምርግጋጽ ታሪኽ ህዝብታት ምኽሓድ ዘይኮነ ስ፡ ሃገራት ኣብ ሳልሳይ ዓለም ወጽኢት መግዛእቲ ምዃነ

ንምቕባል`ዩ። እዚ ነጥበ-ርእይቶዚ፡ ናይቲ ``ኢትዮጵያዊ ናይ 3 ሽሕ ዓመታ ጽወጽዋይ`` ተጻይ እዩ። ኣብ መንጎ ጥንታዊን ዘመናዊን መዋእላት ዘሎ ፍልልይን ሓድነትን ብግቡእ ኣብ ምግንዛብ ዝተመስረተ ከኣ`ዩ። ምኽንያቱ፡ በቲ ``ናይ 3 ሽሕ ዓመታት ትንገርቲ`` ኣብ መንጎ ጥንታዊት ኣኽሱምን ዘመናዊት ኣዲስ ኣበባን ሓደ ንጹርን ቀጻልን ታሪኻዊ ምትእስሳር ከምዘሎ ንምርኣይ ይህቀን እዩ። እታ ኣዲስ ኣበባ ዝመዲናኣ ``ዘመናዊት`` ኢትዮጵያ ግን ናይ ምወዳእታ 19 ዘመን ታሪኽ ወጽኢት ደኣ`ምበር ናይ ``3 ሽሕ ዓመታት`` ቀጻሊ ታሪኽ ዘለዋ ፓለቲካዊ ኣሃዱ ኣይኮነንት።

ናይ ኤርትራ ሃገራውነት ታሪኻዊ መሰረት ንምርግጋጽ እሽሓት ዓመታት ናብ ታሪኽ እንምለሰሉ ምኽንያት የልቦን። ህዝብና ታሪኽ ስለዘይብሉ ኣይኮነን። ሃገራውነት ግን ወጽኢት ናይ ዘመናዊ መድረኽ ታሪኽ ስለዝኾነ ፡ ካብ ጥንቲ ምንባሩ ንምርግጋጽ ታሪኽ ምፍብራክ ኣየድልን። ኣብዚ ኣፈናዊ ጽሑፍ`ዚ ከኣ፡ ንናይ ዝሓለፈ ዘመን ታሪኻዊ ምዕባሌታትን ፍጻሜታትን ብመሰረት እዚ ኣረኣእያ`ዚ ንምጥማቱ ፈተን ተገይሩ ኣሎ።

ዕላማና ናይ ህዝብና ታሪኽ - በንጻሩ ናይ ገዛእቱ - ምጽሓፍ እኳ

እንተኾነ፡ ብብዙሕ ምኽንያታት ከነርወዮ ኣይከኣልናን። እቲ ቀንዲ ምኽንያት ዓይነት ናይ ዝተመርከስናዮ ምንጪታት እዩ። ኵሉ እቲ ምንጪታት፡ እንተሎእቲ ሒደት ባኤርትራውያን ዝተጻሕፈ፡ ኣብ ናይ`ቲ መግዛእታዊ መንግስቲ ወግዓዊ ሰነዳትን ናይ ካልኦት ኢጣልያውያን ጽሑፋትን ዝተመርከሰ ስለዝኾነ ፡ ብመሰርቱ ሓደ-ጉድናዊ እዩ። ንመግዛእቲ ኢጣልያ ብዓይኒ ህዝብና፡ ብመንጽር ኣብቲ መድረኽ`ቲ ህዝብና ዘሕለፎ ታሪኻዊ ተሞክሮ፡ ኣብ ሕብረተሰቡ ዝመጹ ለወጥታት፣ እቲ መግዛእታዊ መንግስቲ ብዕርስክርና፡ ግብሪ፡ ካልኦት ፓሊሲታትን ስጉምታቱን ዘተኣታተዎ ምቅይያርን ጽልዋኡ ኣ ብህዝብናን፡ እቲ መ ግዛእታዊ ፓለቲካዊ ቀነጠባ ዘምጽኦ ማሕበራዊ ምቅይያራት፡ ከምኡኒ ምፍጣር ሓደስቲ ደርብታት - ናይቶ`ም ደርብታት ታሪኽ ኣፈጣጥራን ኣመዓባብላን - ምድኳን ከተሚታት፣ እዚ መግዛእታዊ ተመክሮ`ዚ ብቑጠባዊ፡ ማሕበራዊ፡ ፓለቲካዊ፡ ስነ -

ኣእምሮኣዊ ሜዳያቱን መርኣያታቱን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራን ማሕበራዊ ንቕሓቱን ስነ-ኣእምሮኡን ብኸመይ ከምዝተንጸባረቐ ኣሰሩን..... ነዚኣቶምን ካልኦትን ጉዳያት ኣብ ወሽጢ ህዝቢ ናይ ኩለን ብሄራት፡ ከምኡ`ውን ከተማታትን ገጠራትን ዕቱብን ሰፊሕን ምርምር ምክያድ ይጠልብ። ሽሕ`ኳ ነቲ እዋን`ቲ ዝምልከቱ ሽዑ ብርትራወያን ዝተጻሕፉ ዝፍለቱ ምንጪታት (ዘረጋገጽናዮም) ክልተ/ሰለስት እንተኾኑ - ብ1929 ተጻሒፉ ብ1950 ዝተሓትመ ብኣባ ገብረየሱስ ሃይሉ ዝተጻሕፈ ``ሓደ ዛንታ`` ዝብሃል ብዛዕባ ዕስክርና ትሩቡሊ ዘዘንቱ ታሪኻዊ ልብ-ወለድ፣ ብኣቡነ ያዕቆብ ገብረየሱስ ዝተደረሰ ናይ ያታታት መጽሓፍ (ኣብ 1960ታት ዝተሓትመ)፣ ከምኡ`ውን ናይ ብላታ ገብረእግዚኣብሄር ጊላማርያም ዝኸርታት (ዘይተሓትመ) - ዛጊት ንመግዛእቲ ኢጣልያ ዝምልከት ኣብ ወሽጢ ህዝብና ኣፈ-ታሪኽን ናይ ውልቀሰባት ዝኽርታትን (እቲ ወለዶ`ኺ ኣብ ምውድኡ እንተኾነ ) ከምኣገዳሲ ምንጪ ናይ ጥረ-ሓበሬታታት ጥራሕ ዘይኮነ ስ፡ እንተላይ ከም መርኣያ ናይ ህዝብና ግንዛቤ ብዛዕባ`ቲ ተመክሮ`ውን ጌና ክንምዝምዝ ዘለዎ እዩ። ነዚ ስራሕ`ዚ ኣብ ምስላጥ ግን፡ ምስ ምሕላፍ ናይቲ ንመግዛእቲ ኢጣልያ ብቐጥታ ዝተመርኮረ ወለዶ ናይ ግዜ ሕቶ ወሳኒ ምዃኑ ምዝካር የድሊ።

ብኻልእ መዳይ፡ ንታሪኽ ብስነ-ፍልጠት ንምትንታንን ንምቕራብን ናይቶም ኣብ ታሪኽ ወሰንቲ ዝኾኑ ማሕበረ-ቁጠባዊ ሓይልታት ዳይናሚክስ ምግንዛብ ከምዝድሊ ፍሉጥ`ዩ። ኣብ ዚ ጽሑፍ`ዚ እቲ መግዛእቲ ኢጣልያ ኣብ ሕብረተሰብ ኤርትራ ዘስዓቦ ማሕበረ-ቁጠባዊ ለውጥታት ክግለጽ`ኳ እንተተፈተነ ኣዕጋቢ ኣይኮነን። ነቲ ዝተፈላለየ ቁጠባዊ ዝምድናታት። ነቲ ብዙሕ ዝሜልክዓቱ ያታዊ ቅድሙ ርእሰማላዊ ዝምድናታት። እቲ መግዛእታዊ ርእሰማላዊ ዝምድናታት፡ ኣብ መንጎ`ዚ ክልተ ወገናት ዝተራእየ ዝተሓላለኸ ምውሳብን ሳዕቤናቱን ቀጻሊ ምርምር ክግበረሉ ዘለዎ ኣገዳሲ ሕቶታት እዩ።

እብ ምስንዳእ ናይዚ ጽሑፍ`ዚ ዝተወከስናዮም መጻሕቲ ኣብ መወዳእታ ኣብ ዝርዝር ጽሑፋት (Bibliography) ተዘርዚሮም ኣለው። እንተኾነ ግን፡ ንኹሉም`ዞም ምንጪታት`ዚኣቶም ብማዕረ ደረጃ ኣይተጠቐምናሉምን። ነቶም ቀንዲ ምንጪታትና ብፍላይ ምግላጽ ከኣ ኣድላዩ ይመስለና።

1. ካብቲ ናይ ትግርኛ ምንጪታት፡ እቲ ብኣባ ኢሳቕ ተተርጒሙ ዝተዳለወ ንተቓውሞ ዝምልከት ጽሑፍትን፡ ``ኤርትራን ቃልሳን`` ከምኡ ድማ ናይ ዮውሃንስ ኮልሞዲን ``ዛንታ ሃዘጋን ጸዓዘጋን`` እቲ ቀንዲ ነይሩ። ብፍላይ ናይ ኣባ ኢሳቕ

ጽሑፍት፡ ነቲ ጌና መብዛሕትኡ ጸልማት ዘሎ ናይ ኤርትራውያን መኸተታት ኣንጻር መግዛእቲ ኢጣልያ ብዘርኢ ብርሃን ዝህብ ጠቓሚ ሓበሬታታት ረኺብናሉ።

2. « Italian Colonialism in Eritrea », and « Resistance and Collaboration in Eritrea » Tekeste Negash

ክልቲኡ ብሓደ ኣብ ሽወደን ዝቐመጥ ኤርትራዊ ናይ ታሪኽ ተመራማሪ ዝተዳለወ ጽሕፉት እዩ። እዚ ጽሕፉት እዚ፡ ንተቓወምን ምትሕብባርን፣ ንዕስክርና፣ ንትምህርቲ፣ ንቑጠባዊ ፓሊሲታት ወዘተ ዝምልከቱ ኣገደስቲ ሓበሬታታት ረኺብናሉ። ይኹን`ምበር ደራሲ፡ ኣብ መድረኽ መግዛእቲ ኢጣልያ ሰረታት ኤርትራዊ ሃገራውነት ከምዘይተፈጥረ ከረጋግጽ ብፓለቲካዊ ምኽንያት ኣንቂዱ ዝተበገሰ ሰለዝኾነ፡ ንኣተረጓጉማኡ ሓደ-ሸነኻውን ዝንቡዕን ገርሩዎ`ዩ።

3. «Economic History of Ethiopia » Reichard Pankhurst

እዚ ናይ ሓደ ኢትዮጴኛ (Ethiopianist) ናይ ታሪኽ ተመራማሪ መጽሓፍ እዩ። ስለዚ ኣብ ኣተረጓጉማ ናይ ምዕባለታትን ፍጻሜታትን እቲ ፍሉጥ ``ኢትዮጵያዊ`` ምዝንባዓት`ኳ እንተለዎ፡ ከምምንጪ ጥረ-ሓበሬታታት ኣገዳሲ`ዩ። ኣብ 1870ታት፡ 1880ታ፡ 1890ታት ኣብዚ ከባቢ ንዝነበረ ቁጠባዊን ማሕበራዊን ኩነታት ዝምልከቱ ሓበሬታት ከኣ ረኺብናሉ።

4. «Economic Viability of an Independent Eritrea » Araia Tseggai

እዚ ጽሑፍ`ዚን ※ ዝቐረበ ምርምራዊ ጽሑፍ`ዩ። ከምምንጪን ቑጠባዊ ታሪክ ኤርትራ ኣብ እዋን ኢጣልያ ዝምልከቱ ሓበሬታታት (ሰሌዳታት) ድማ ብሰፊሑ ተጠቒምናሉ።

5. ``ኤወሮጳዊ መግዛእቲን ማሕበረ-ቑጠባዊ ውህደት ኤርትራን`` ብሪቻርድ ልዮናርድ።

እዚ መጽናዕታዊ ጽሑፍ`ዚ፡ ናብቲ ብ1980 ኣብ ሚላኖ ዝተጋብኣ ``ቀዋሚ ናይ ህዝብታት መጋባእያ`` ማሕበረ-ቑጠባዊ ሰረታት ኤርትራዊ ሃገራውነት ንምብራህ ዝቐረበ እዩ። ኣብ ምትርጓም ማሕበረ-ቍጠባዊ መሰርሓት ድማ ሓጊዙና።

6. « L'Eritrea Colonia » Irma Taddia ከምኡ`ውን፡ ብካልኦት ኢጣልያውያን ዝተጻሕፉ መጻሕፍቲ።

ናይ ኢርማታድያ መጽሓፍ ኣብ ማሕበራዊን ቀጠባዊን ለውጥታት ዘተኮረት ኣገዳሲት መጽሓፍ`ያ። ከም ምንጪ ሓበሬታታትን (ሰሌዳታት ብፍላይ) ኣተረጓጉሚታትን ድማ ተጠቒምናላ። እቲ ዝተረፈ ኢጣልያዊ መጻሕፍቲ ገለገለ ኣገደስቲ ናይ ሓበሬታ ሃጓፋት ኣብ ምምላእ ሓጊዙ።

እቲ ኣፈናዊ መጽናዕቲ`ዚ፡ ንዝያዳ ዕቱብን ዓሚቝን ዝተማልአን መጽናዕቲ ከድርኽ ንትሰፎ።

ኣሕተምቲ ሕድሪ

2010

ኣስመራ